

# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.13 | ሰንበት 15 መስከረም 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ኣብ ጉዕዞ ትምህርተይ . . .


ገጽ 3
ዝተፈላለየ ካዳስትራዊ . . .


ገጽ 4
ድሕሪ ምምርዓውካ . . .




ገጽ 5
ለበዋ ናይ'ታ ወላዲት


ገጽ 7
ቢንያም፡ ካልኣይ ደረጃ ሒዙ



## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሪፓብሊክ ግብጺ ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 14 መስከረም፡ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዶ/ር በድር ዓብዱልዓጢ ንዝተመርሐ ልኡኽ ሪፓብሊክ ግብጺ፡ ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ ደንደን ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ኣብ'ዚ ኣኼባ ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ሰለስቲኦም ሃገራት ኣብ ኣስመራን ካይሮን ዝተገብረ ናይ ምምኽኻር ርክባት ዝሽፍን ዘተ፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዞባዊ ጉዳያት ብሓፈሻ፡ ምዕባለታት ሪፓብሊክ ሱዳን፡ ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማልያን ጸጥታ ዞባ ቀይሕ ባሕርን ከኣ ብፍላይ ብዕምቈት ተዘራሪቦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ዶ/ር በድር ዓብዱልዓጢን ኣብ ርክቦም፡ ምሕያል ዝምድና ኤርትራን ግብጽን ካብ ቀንዲ ዓንድታት ሰላምን ርግኣትን ናይ'ዚ ዞባ ከምዝሸፍን ብምግንዛብ፡ ኣብ ጽላታት ቀጠባ፡ ፖለቲካ፡ ንግዲ፡ ሕርሻ፡ ጸዓትን ጥዕናን ዘሎ ምትሕግጋዝ ናብ ዝበረኸ ደረጃ ክብ ንምባል ኣብ ምርድዳእ በጺሖም።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ግብጺ ኣብ'ዚ ዞባ ዘሸፍን ናይ ምትእትታው ኩነ ጸጥታ ናይ ምዝራግ ኣጀንዳ ከምዝይቕበሎ፡ ብበለ ወገናት ዝወሃብ መግለጺታትን ዝቐርብ ክሰታትን ድማ ንዝፈጸምዎ ስትራተጅያዊ ጌጋታት ንምሽፋን ዝዓለመ ስልጦን ካብ ምኳን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ከምዘይብሉ ተገንዚቦም።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሪፓብሊክ ግብጺ ዶ/ር በድር ዓብዱልዓጢ ንምዕባለታት ዞና ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብዛዕባ ታሪኻዊ ምዕባለታትን ናይ'ዚ ዞባ ዓሚቝን ውድዓውን ኣፍልጦ ስለዘለዎ፡ እቲ ርክብ ኣብ'ዚ ተኻሚሲ እዋን ምኽያዱ፡ ኣዝዩ ጠቓሚን ሃናጺን ከምዝሸፈነ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ርክብ ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ብወገን ግብጺ ድማ ብደረጃ ሚኒስተር ሓላፊ ሃገራዊ ጸጥታ ዓባስ ካሚልን ኣምባሳደር ኣብ ኤርትራ መሓመድ ሓትም ኣልዓጠዊን ተረኺቦም ነይሮም።

## ተሰነይ - ሕርሻታት ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ተሓቢሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ብማሰናን ክረምታዊ ዝናብን ዝለምዐ ሕርሻታት ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ክኢላ ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ዓንደማርያም ኣምለሶም ሓቢሩ።

ሎሚ ዘበን ብጠቕላላ 16,915 ሄክታር ከምዝለምዐ፡ ካብ'ዚ እቲ 16,744 ሄክታር ማሽላ፡ 117 ሄክታር ሰምሰም፡ 54 ሄክታር ድማ ብልቱግ ከምእተዘርአ ጠቒሱ ድማ፡ ማሽላን ብልቱግን ኣብ ምውላድን ምምዕባልን ሰምሰም ከኣ ኣብ ደረጃ ምፅንባብን ዘርኢ ምስካዕን ከምዝበጽሐ ገሊጹ።

ካብ'ቲ ዝለምዐ ስፍሓት መሬት፡ እቲ 885 ሄክታር ብመንግስቲ ኣብ ፋንኮ፡ ዓሊ.ግደርን ሕርሻ ባርካን ዝተሓርሰ፡ እቲ ልዕሊ 16 ሽሕ ሄክታር ድማ ብማሰል ተጠቃምነትን ብዋዜማዊ ንግዳዊ ሕርሻን ብሓረስቶት ከምዝለምዐ ብዝወሰኸ ኣረዲኡ።

ዝናብ ኣብ ግዜኡ ብምጅማሩን ብጽቡቕ ዝርግሐን ዓቐንን ብምቕጻሉን፡ ሓረስቶት ድማ ንጥፈታት ማሕረስ ኣብ ግዜኡ ብምኽያዶም፡ ዘራእቲ ጽቡቕ ዕብየት ከምዘመዝገበ ብምጥቃስ፡ ዛጊት ዘጋጠመ ተርእዮ ባልዕ'ኳ እንተዘየለ፡ ሓረስቶት ምህርቶም ኣብ ቆፎ ክሳብ ዝኣትው ልዑል ጥንቃቐን ምክትታልን ክገብሩ ኣተሓሳሲቡ።

ኣቶ ዓንደማርያም ኣብ መወዳእታ፡ ሓረስቶት ኣብ ኣእካል ዘሎ ኣተኩሮኦም፡ ኣብ መጻኢ ምስ ናይ ቅብኣ ኣዝርእቲ እናዛነቑ ዘይዳ ክረብሑ ተማሕጺኑ።

## ጊንዳዕ - ኮ/ዘራእትን ጥሪትን ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ዝህባ ትራክተራት ኣዋፊሩ

ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ፡ ንሓረስቶት ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ማሕረስ ዝህባ ትራክተራት ኣዋፊሩ።

እተን ትራክተራት፡ ኣብ ምምሕዳራት ከበቢ ሽባሕ፡ መትከል-ኣቤትን ዓድ-ሹማን ንሰዓት ብሕሳብ 150 ናቕፋ 1,300 ሄክታር ኣብ ምሕራስ ከምዝርከባ ወኪል ኢሬና ሓቢሩ።

ቅድሚ ሕጂ ብዕቡር ክፍሊት ናይ ወልቂ ትራክተራት ክጥቀሙ ምጽንሖም ዝጠቐሰ ሓረስቶት፡ ኣብ'ዘን ሰለስተ ዓመታት ግን፡ እቲ ኮርፖረሽን ብስሩዕ ክፍሊት ንዝመደቦም ትራክተራት ተጠቒሞም፡ ብጥርኑፍ ኣገባብ ዝሰፍሐ መሬት ክሓርሱ ከምእተተባብዑ ገሊጾም።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ካብ ከባ ዝወርድ ውሒዘ ኣብ ዓምጦቶምን ጀረፉቶምን ብቐጻሊ ሃሲዩ የውርድ ብምህላዉ፡ ዝምልከቶ ኣካል ናይ ማሽነሪ ሓገዝ ክገብረሎም ተማሕጺኖም።

ኣብ ምምሕዳራት ከበቢ ሽባሕ፡ መትከል-ኣቤትን ዓድ-ሹማን፡ ኣእካል፡ ፍረታትን ኣሕምልትን ክለምዕ ዝኽእል ልዕሊ 2 ሽሕ ሄክታር ከምዘሎ፡ ዛጊት ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ዘሎ ግን 1,300 ሄክታር ምዃኑ፡ ሰዓት በትጻሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ የረድኡ።

## ተጋዳላይ ዮውሃንስ በራኺ ተሰዊኡ

ተጋዳላይ ዮውሃንስ በራኺ በርሀ፡ ብ25 ነሓሰ ኣብ መበል 76 ዓመት ዕድሚኡ ኣብ ጀርመን ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ዮውሃንስ፡ ክሳብ ዕለተ ናጽነት ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍሊ ሕክምናን፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሰክረታርያትን ክፍሊ ቱሪዝምን ተመዲቡ ንሃገሩን ህዝቡን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ስዉእ ዮውሃንስ በራኺ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 3 ደቂን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 14 መስከረም ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

# ኲርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኣብ ጉዕዞ ትምህርተይ ዝተመሃርኩዎ...

*ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ኲርናዕ ተመሃሮ፡ ኣብ ጉዕዞ ትምህርትኹም ብፍሉይ "እዚ ተማሂረ" ትብሉዎ ህይወት፡ ፍልጠት፡ ንቕሓት፡ ፍልስፍና፡ ወዘተ. ስሕት ኢልና ካባኹም ናባኹም ከነቕርብ ጸኒሕናን ኣለናን። ኣብ ጉዕዞ ትምህርትና፡ ይንኣስ ይዕበ፡ ክንዛረበሉም እንኽእል ሓያለ ዝተማሃርናሉም ነጥብታት ወይ ጉዳያት ክህልው ንቡር እዩ። ብመገዲ እዛ ዓምዲ ተመኩሮኹምን ፍልጠትኩምን ከም ቀደምኩም ከተካፉሉና ዕድመና'ዩ። ንሎሚ፡ ቅድሚ ኮሊጅ ምእታውካ ብዛዕባ ኮሊጅ ሓፈሻዊ ስእሊ ክህቡ ዝኽእሉ ተወሰኽቲ ነጥብታት ዝሓዘ ጽሑፍ ከነቕርብ ኢና።*

### ዩኒቨርሲቲ ቅድሚ ምእታዋይ ክፈልጦም ተወሰኽቲ ዝነበረኒ ነጥብታት ፤



ኣብ ብዙሓት ተማሃሮ ዝረአ ሓደ ጸገም ኣሎ። ካብ ማእከላይ ደረጃ ጀሚርና ብቛንቋ እንግሊዝ ኢና እንመሃር። እንግሊዝኛ ከም ቋንቋ ኣደና ክንመልኮ የድልየና እዩ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝርከቡ መምህራንና - ውሑዳት ገዲፍካ - ደቂ ሃገርና ብምዃኖም፡ ብቛንቋ ኣደና ይድግፉና እዮም። እዚ ደገፍ ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንተ ለሚድናዮ ኣብ ኮሊጅ ስለ ዘይንረኽቦ፡ ካብቲ እነጽንዓሉ ግዜ ንላዕሊ መዝገበ ቃላት ንርእየሉ ክበዝሕ እዩ። ብዘይካኡ'ውን ኣብ ኮሊጅ እንረኽቦም መምህራን ብቛንቋ እንግሊዝ ጥራይ ዝረዳድኡና ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ኮሊጅ ዝህልወና ደረጃ ነዚ ዘካትት ብቕዓት'ዩ ክኸውን ዘለዎ።

ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንከለና ናይ ምዝራብ፡ ምስማዕ፡ ምንባብ፡ ምርዳእ ዓቕምና ንምዕባይ ክንሰርሓሉ ይግባእ። ኣብዚ እዋን ንጥቀመሉ ዘለና ኣገባብ ኣመሃህራ - ተመሃራይ ዘማእከለ ኣመሃህራ - ናጻ ኳንና ክንዋሳኣሉ እንተ ኽኢልና ኢና ክንረብሕ ንኽእል። ዝተፈላለየ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ መጽሓፍቲ፡ ጋዜጣን መጽሔትን ብምንባብ ኣብቲ ቋንቋ ዘለና ፍልጠት ይዓቢ፣ እንግሊዝኛ ንርዳእ፡ ሰዋስውን ካልእን ንፈልጥ፣ ከይተፈለጠና ነጥርዮ ብቕዓት ኣሎ። ናይ ምስማዕ ክእለትና ንምዕባይ ከኣ ናይ ዝተፈላለየ መደበራት ሬድዮን ተለቪዥንን መደባት ምክትታል፣ ዝተፈላለየ ብድምጺ ዝተቐርጹ መጽሓፍትን መደባትን ምስማዕ፣ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ፊልም ምክትታልን ካልእን ክሕግዙና ይኽእሉ። ናይ ምዝራብ ዓቕሚ ክዓቢ እንተ ኾይኑ፡ እዞም ኣቐዲምና ዝረኣናዮም ጽቡቕ ሰረት ይኾኑና እዮም። ምስ መማህርትና፡ ኣዕሩኽና፡ ስድራና ናጻ ኰይና ንዛረብ። ኣብ ቤት ትምህርትና ንመምህራንና ሕቶ ክንሓትትን ክንምልስን ብቛንቋ እንግሊዝ ክንዛረብ እንተ ኽኢልና፡ ክንዛረብ እንከለና ዝህልወና ስክፍታን ሕፍረትን ሻቡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ መሊኽናዮ ክንወጽእ ንኽእል።

ኣብ ኮሊጅ ዝጸንሓና ዝተፈላለየ መደባት ኲሉ ብቛንቋ እንግሊዝ እዩ። ኣብ ኮሊጅ ካብ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዘለዉ ናይ ካልእ ሃገር ዜጋ መምህራን በቲ ንመልኮ ቋንቋ ኣደና ክረዳድኡና ኣይክእሉን እዮም። ኣብ ደገ ረኺብና ከምቲ ድላይና ከነርድኦም እንተ ዄንና፡ ጽቡቕ ናይ ምዝራብ ዓቕሚ ክህልወና ኣለዎ።

ኣብ ኮሊጅ ክንጓናጸፍ እንደልዮ ዓወት - ዘይከም ካልኣይ ደረጃ - ባዕልና ኢና እንገብሮን እንኸዶን።

- ኣብ ካልኣይ ደረጃ ውሑድ ጻዕሪ ብምግባር ክትዕወት ትኽእል ኢኻ። ኣብ ናይ ትምህርቲ ጉዕዞኻ ግድን ብሉጽ ክትከውን ኣለካ ዝብለካ የለን። ናይ ትምህርቲ ውጽኢትካ ኸኣ ካብ ማእከላይ ዝልዕል እንተ ኾይኑ፡ ኣኻሊ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ ኮሊጅ ግን እተመዝግቦ ውጽኢት ኣዝዩ ልዑል ክኸውን'ዩ ትጽቢት ዝግበረልካ። ከም ኣብ ካልኣይ ደረጃ ውሑድ ጻዕሪ ጌርካ ዝርከብ ከኣ ኣይኮነን። ኣብ ኮሊጅ ንውሑድ ጻዕሪ፡ ውሑድ ነጥቢ'ዩ ዋጋኡ። ስለዚ ኣበርቲዕካ ምስራሕ የድልየካ።

- ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንመሃረን ዓይነት ትምህርቲ ዳርጋ ኣብ ሓሙሽቲኦን መዓልታት፡ መዓልታዊ ንምሃረን ኢና። ምስ ናይ ኲለን ዓይነት ትምህርቲ መምህራን ንራኸብ ኢና። ትማሊ ዝሓለፍናያ ትምህርቲ ንጽባሓይቱ ክንረኽባ ንኽእል ኢና። ንመምህራንና ከም ድላይና ክንጥቀመሎም ጸገም የብልናን።

ኣብ ኮሊጅ እንመሃሮ "ኮርሳት" ዝተፈላለየ ሚዛን ዘለዎ እዩ። ገለ ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ፡ ሰለስተ፡ ክልተ ግዜ ወይ ሓንሳእ ክኸውን ይኽእል። ሓንቲ ክፍለ ግዜ፡ ሰዓት እያ። ምናልባት ኣብ ገሊኡ እተን ናይ ሰሙን ሰለስተ ሰዓታት ኣብ ሓደ መዓልቲ ክትመሃረን ትኽእል ኢኻ። ሓንቲ ዓይነት "ኮርስ" ኣብ ሰሙን ሓንሳእ ወይ ክልተ ግዜ ጥራይ ስለ እትወስደን (እትመሃረን) ምስ መምህራንካ እትራኸበሉ ግዜ ስሑው እዩ።

- ናይ ካልኣይ ደረጃ ንኽንመሃር፡ ንኽነጽንዕን ክነፍዕን መዓልታዊ ይጉስጉሱና እዮም። እታ ጽባሕ ንመሃራ ኣቐዲሞም፡ "ምዕራፍ ሰለስተ ጽባሕ ኣንቢብኩማ ምጽኡ!" ይብሉና'ዮም። ንሕና ኸኣ እንተ ተገዲስና ኣንቢብናያ ንመጽእ። ምርድኡ'ውን ይቐለልና።

ኣብ ኮሊጅ መዓልታዊ ዘዘኽረና ሰብ የለን። መምህራንና፡ ኣብታ ቀዳመይቲ እንኣትዋ ክፍሊ ናይቲ ሰሚስተር ምሉእ ፕሮግራም ይገልጹልናን ይህቡናን እዮም። ድሕሪኡ ሰሚስተር ምሉእ፡ "ጽባሕ ወይ ዝመጽእ ክፍለ ግዜ፡ እዚን እዚን ክንመሃር ኢና ተዳለዉ ኢኹም፡" ኣይክብሉናን እዮም። ናይ ሰሚስተር መደብ ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ስለ እንሕዞ ባዕልና ኢና እንከታተሎን እንዳሎን።

- ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንከለና እንሰርሖ ዕዮ-ገዛ፡ ዕዮ-ክፍሊ፡ ፕሮጀክትን ካልእን መምህራና በብሓደ እናረኣዩ ይእርሙልና። እንተ ዘይሰሪሕና ኸኣ "ስለምንታይ ዘይሰራሕኩም፡" ብምባል ይግስጹናን ካልእ መዓልቲ ከይሰራሕና ከም ዘይንምጽእ ክገብሩ ይኽእሉ።

ኣብ ኮሊጅ ዘለዉ መምህራን ኣብ ርእሶም ብዛዕባና ዝሓዝዎ ኣምር ኣሎ። ኲሉና ናብ ኮሊጅ ሰጊርና እንመጽእ ተመሃሮ ትርጉም ዕዮ-ገዛ ወይ ዕዮ-ክፍሊ ኣጸቢቕና ከም እንፈልጥ ስለ ዝሓስቡ፡ ጥራዝና ኣኪቦም ክእርሙልናን ዘይሰራሕና ክሓቱናን ኣይክእሉን። መኣረምታ ክገብሩልና'ውን ኣይንጽበን ኢና።

- ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንከለና ንሕና እንውስኖ ነገራት ዳርጋ የለን። ስድራናን መምህራናን ንጽቡቕን ሕማቕን ናትና እናተኸታተሉ ደረትና ከይንጥሕስ ይሕልውና እዮም። ትምህርትና ክንሓምቕ እንከለና ስድራና ተጸዊዖም ዝሕተትሉ ግዜ ኣሎ። ስድራና ደሃይና ክገብሩ ቤት ትምህርትና ይመጽኡና ነይሮም ይኾኑ።

ኣብ ኮሊጅ ንዓና ዝሓጽር ደረት የለን። ኲሉ ባዕልና ኢና እንውስኖ። ምንቅልቃል ነጥብና ርእዩ ስድራና ዝጽውዕ መምህር የለን፣ መምህራንና "ዓበይትን እኹላትን ሰባት እዮም፡" ኢሎም ስለ ዝኣምኑ፡ ምሳና ጥራይ'ዩ ርክቦም። ስድራና "ናይዚ ወደይ/ጓለይ ነጥቢ ከመይ ኣሎ፡" ኢሎም ኣይመጽኡን'ዮም። ነጥብና ደሊና ነዕብዮ፡ ደለና ነትሕቶ እቲ ምርጫ ንዓና'ዩ ዝግደፍ።

- ኣብ ካልኣይ ደረጃ ብብዙሓት ሕግታት ተመሪሕና ኢና እንኸይድ። ሓደ ካብቶም ሕግታት ከኣ ሓደ ዓይነት "ዩኒፎርም" ክንክደን ዝግድድ እዩ።

ኣብ ኮሊጅ ግን ሓደ ተኸደን፡ ብሓደ ተማሃር ዝብለካ የለን። ነጥብና ግና ናይ ኲልና ሓደን ልዑልን ክኸውን ትጽቢት ይግበረሉ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ክንግንዘቦ ንኽእል እንተ ሃልዩ፡ ኣብ ኮሊጅ ነብስና ኢና ንኽእል። ብተወሳኺ፡ ንትጽቢታት መምህራንና ንመልእ እንተ ዄንና ኢና ትምህርትና ብዓወት ክንዛዝሞ ንኽእል።

መም. ኮኾብ መሓረና

## ዳእላ ተመሃሮ

Teacher: "Here is a math problem. If your dad earned $300 dollars a week and he gave your mother half, what should he have?"

Student: "A heart attack."

***

ሜሪ ማና


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.200454-07121322

**ምልክታ**

ቊሲ 125013 - ቊ.ሳ.ጺ 1284


## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ንዘይፈተኻዮ ነገር ወይ ኲነታት፡ ቀይሮ፣ ክትቅይሶ ዘይትኽእል እንተ ዄንካ ኣረኣእያኻ ቀይር እምበር ኣይተማርር።"

- Maya Angelou

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ካብዝን ካብትን

ማርታ ክብሮም

## ድሕሪ ምምርዓውካ ካብ ዝቕይሩ ነገራት

1. ኣብርቱዕካ ክትሰርሕ ትጅምር፡ ድሕሪ ምምርዓውካ፡ ዓወታት ናይ ክልቴኻ እዩ። ናይ ሓደ ወገን ዓወት ዝበሃል የለን። ሓደ ጸፍሒ ኣብ ዝወሰኽኩሉ፡ መጻምድትኻ’ውን ተኻፋሊ ናይ ዓወታትካ እዩ። ኣብዚ ዓውዲ መጻናዕቲ ዘካየደት ኢማ ስትራብ፡ ድሕሪ መርዓ ዓወታት ዝምቀል ብምኳኑ መሊሶካ ኣብርቲዕካ ክትሰርሕ ዝድርኽ ምኳኑ ገሊጻ።

2. ሓደሽ ተመክሮታት ክትቀስም ትጅምር፡ ኣብ ህይወትካ ሓደሽ ሰብ ትወሰኽ ብምህላውካ፡ እወታውን ኣሉታውን ሸነኽ ናይ መጻምድትኻ ዝያዳ ካልእ ግዜ ኀሊሑ ይረኣየካ። ስለዚ ንብዙሕን ሓደሽን ተመኩሮታት ቅሉዕ ክትከውን ትጅምር።

3. ስምዒታዊ ኩነታትካ ክቕየር ይጅምር፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ጆርጅያ ዝተገብረ መጽናዕቲ ከም ዘረጋግጾ፡ መርዓ ንደቂ ኣንስትዮ ርጉእ ስምዒታዊ ኩነታት ከም ዝህልወን ይገብር።

4. ቅዲ እተጥፍኦ ገንዘብ ክቕየር ይጅምር፡ ቅድሚ መርዓ መብዝሕትኦን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መጸብበቕን ካፊታትን ደቂ ተባዕትዮ ድማ ኣብ መስተን ካልእን ዘይተኣደነ ገንዘብ እየም ዘጥፍኡ። ድሕሪ መርዓ ግን፡ ዝሓላፍዮ ገንዘብ ንሓዳርካን ንደቅኻን እምበር ኣብ ካልእ ውልቃዊ ነገራት ተጥፍኦ ገንዘብ ብርኡይ እዩ ዝነድል።

5. ምስጢር ዝበሃል ነገር የለን፡ ካልእ መግለጺ ናይ መርዓ ውልቃዊ ምስጢር ዝጠፍኣሉ ማለት እዩ። ድሕሪ መርዓ ናይ በይንኻን ናይ ውሽጥኻን ዝበሩ ምስጢራት መጻምድትኻ ክፈልጦም ይጅምር።

6. ልማዳት ናይ ቴሌፎንካ ይቕየር፡ ቅዲ ኣደዋውላኻን ኣገባብ ናይ ጽሑፍ መልእኽትኻን’ውን ክቕየር ይጅምር። መብዝሕትኡ ግዜ ናብ መጻምድትኻ መልእኽቲ ኣብ እትሰደሉ፡ ትኽ ዝበለ ማለት ጓል መገዲ ዘይብዙሉ እዩ።

7. ምስ መሓዙትካ/ኣዕሩኽትኻ ተሕልፎ ግዜ ይውሕድ። ድሕሪ መርዓ ዝበዝሕ ግዜኻ ንመጻምድትኻን ሓዳርካን ኢኻ ተወፍዮ። ኣብዚ መዳይ ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ደቂ ተባዕትዮ እየን። ስለዚ ምስ መሓዙተን ዘሕልፍኦ ግዜ ፍሉይን ካብቲ ዘስተማቕርኦ ነገርን እዩ።

8. ብቐሊሉ ይቕረ ናይ ምባል ልማድ ተጥሪ። ዩኒቨርሲቲ ቲልበርግ ኣብ ዘካየዶ መጽናዕቲ ምርዕዋት ሰባት ምስ መጻምድቶም ንሓድሕዶም ይቕረ ናይ ምባል ክእለትን ቀም ናይ ዘይምሓዝ ዘለዎም ተኽእሎ ልዑል እዩ። ብሓፈሻ መርዓ፡ ንኽልቲኡ ጾታ ይቕረ በሃልቲ ከም ዝኾኑ እዩ ዝገብር።

9. ዝያዳ ሓላፍነታዊ ትኸውን። ምስ ተመርዓኻ ትግደሰሉን ዘኸፍኣ ከየጋጥም ትሽገረሉን ሰብ ይህልወካ። ኣደ ንስብኣያን ደቃን ኣቦ ድማ ከምኡ ንደቁን ሰበይቱን ሓላፍነታውያን ይኾኑ።




## ስሪናቫሳ ራማኑጃን

ስሪናቫሳ ራማኑጃን ኣብ 22 ታሕሳስ 1887 ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ከተማ ናይ ህንዲ ኢሮድ ትብሃል ከተማ እዩ ተወሊዱ። ኣቦኡ ሰፋያይ ክዳን ነይሩ። ኣዲኡ ድማ ሃይማኖታዊት ሰብ ነበረት።

ንሱ ካብ ግዜ ህጻንነቱ ኣትሒዙ፡ ኣብ ዓውዲ ቍጽሪ ፍሉይ ክእለትን ዝንባለን ነበሮ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ መማህራኑ ከይተረፉ ዝሰርሕዎ ቀማረታት ቅኑዕ ኣለዉ. ደየም የለዉን ይሓትዎ ነበሩ። ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ምስ በጽሐ ድማ ብጀካ ቁጽሪ ካልእ ዓይነት ዓውደ ትምህርቲ ክመሃር ከም ዘይደሊ ገሊጹ።

ስድርኡ ኣብ ቁጽሪ ዝበሮ ምሕር ዝንባለ ደስ ይብሎም ብዘይምንባሩ፡ ዝኾነ ነገር ክንብሩሉ ድሉዋት ኣይነበሩን። ከም ወጽኢቱ 16 ዓመት ኣብ ዝነበረሉ ንጥራዝ መገዝኢ ዝኸውን ገንዘበውን ስለ ዘይነበሮ መጽሓፍ ብምልቃሕ ኩሉ ኣብኡ ዘሎ ዕዮታት ንበይኑ ኣብ ገዝኡ ኮይኑ ክሰርሕ ይውዕል ነበረ።

ከምዚ እናበለ ድማ ኣብ ብዙሕ መጽሓፍቲ ዘሎ ዕዮታት ክሰርሕ ጀመረ። ክሰርሓ ዘይክእል ሕቶ ድማ ኣሰራርሕኣን መልሰን ኣብ ሕልሙ ትመጽኦ እሞ ካብ ድቃሱ ተንሲኡ ይሰርሓ ነበረ።

ንኣጀማምራ ናይዚ ሕልሚ ብዝምልከት፡

ኣብ 1911 ራማኑጃን ወላ ሓደ ሰብ ክፈልጦ ዘይክእል ሰብ ነበረ ከምኡ’ውን ስራሕ ኣልቦ ኮይኑ ነበረ። ሓደ ምሸት ምስ ሓደ ዓርኩ ክሓድር ናብ ገዝኡ ከደ። ግዝ ዓርኩ እኹል መደቀሲ ስለ ዘይነበሮ፡ ሓደ ፈላሲ ናብ ዝድቀሰሉ ዝነበረ ጸቢብ ክፍሊ ሒዝዎ ኣተወ።

ንጽባሒቱ ራማኑጃን ንዓርኩ፡ “ምስዚ ፈላሲ ብምሕዳረይ ኣዝዩ ሕጉስ እየ። ንሱ ሓያል መንፈስ እዩ ዘለዎ። ህላወኑ



ጸቡቕ ነገር እዩ ፈጢሩለይ። ደቂሰ ከለኹ ሓደ ዘይልሙድ ሕልሚ እየ ሓሊመ። ኣብ ሕልመይ ሓደ ቀይሕ ስክሪን ተዘርጊሑ። ኣነ ድማ ኣተኩረ ናብኡ ይጥምት ነበርኩ። ሃንደበት ሓንቲ ኢድ ኣብቲ ስክሪን ክትጽሕፍ ጀመረት። ኣነ ድማ ብምሉእ ኣደኸቦ ናብኡ ይጥምት ነበርኩ። እታ ኢድ ድማ ብዙሕ ቀማረታት ቁጽሪ ክትጽሕፍ ጀመረት። ኩሎም እቶም ጽሑፋት ድማ ኣብ ርእሰይ ተወቒሩ። ኣነ ኸኣ ንግሆ ተንሲአ ኣብ ደብተረይ ጽሒፈየም” በሎ። ሕልምታቱ ድማ ካብዚ መዓልቲ እዩ ዝጀምር።

ራማኑጃን ንሓደ ዓርኩ ከም ዝዕለሎ፡ ናይ ቁጽሪ ክእለቱ ምስ ሕልምታቱ ፍሉይ ምትእስሳር ከም ዘለዎ እዩ። ንሕልሙ ብጥንቃቐ ከም ዝርእዮም እዩ ዝገልጽ ነይሩ። ንሱ ኣብቲን ብህይወት ዝነበረለን ውሑዳት ዓመታት፡ ከበድቲ ቀማረታት ኣብ ሕልሙ ብኸመይ ኣገባብ ክፈትሖም ከም ዝለዎምን ክጽሕፎም ከሎን ይሓልም እሞ ካብ ድቃሱ ምስ ተንስአ ነዚ ከየርስዖ ኣዝዩ ይጥንቀቕ ነበረ።

ኣብ 1913፡ ራማኑጃን ኣብ 23 ዓመቱ ሓንቲ ናይ ቁጽሪ መጽሓፍ ድሕሪ ምጽሓፉ ናብ ሓደ ኣብ ካምብሪጅ ዩኒቨርሲቲ ዝነበረ ጂኤች ሃርዲ ዝተባህለ ክኢላ ስነ ቁጽሪ መጽሓፉ ንኽሕትም ንኽሕግዞ ደብዳበ ጸሓፈሉ።

ሃርዲ ነቲ ራማኑጃን ዝሰደደሉ 120 ቀማረታት ቁጽሪ ድሕሪ ምርኣዩ፡ ጸሉል ኮይኑ ጥራይ ተሰምዖ። መሊሱ ደጊሙ ምስ ረኣየም ግን፡ እቶም ቀማረታት ፍሉያትን ንበቐዓቱ ዝፍትኑን ምኳኖም ኣስተውዓሉ።

ድሕሪዚ ሃርዲ ናይ ዩኒቨርሲቲ ካምፕሪጅ ዓደሞ፡ መጽሓፍቱ ክሕትመሉን ብሓንሳብ ክሰርሑን ድማ ተሰማምዑ።

ሓደ ግዜ ሓደ መሳርሕቱ ንሃርዲ ኣብ ህይወቱ ዝዓበየ ዝተዓወቶ ነገር እንታይ ምኳኑ ሓተቶ። ሃርዲ ድማ እቲ ዝዓበየ ዓወት ኢሉ ዝገለጾ ንራማኑጃን ምርካቡ ምኳኑ ገለጸ።

ብዙሓት ሰባት ንሕልምታት ራማኑጃን ምስ ሃይማኖትን ማጂክን ስርሓትን የተሓሕዝዎ እየም። ወላኳ ኩሎም ኣብ ሕልምታት ምርካስ ዝበሩ እንተ ነበሩ ኩሎም ብጦጦእን ብኣገባብን ዝተሰርሑ ቀማረታት እየም ነይሮም። ከምኡ’ውን ብምሉእ ሃሙን ቀልቡን እዩ ዝሰርሖም ነይሮም። ስለዚ ድማ እዩ ስርሓቱ ክሳብ ሎሚ ኣብ ኩሉ ናይ ስነ ቁጽሪ ዓውዲ ጉብራውያን ዝኾኑ ዘለዉ።

ራማኑጃን ብሕማም ቲቢ ኣብ መበል 32 ዓመቱ ሞተ። የጉዳስ ኣማኢት ዝተሰርሑ ቀማረታት ቁጽሪ ገዲፉ እዩ ሓሊፉ። ድሕሪ ሞቱ ድሕሪ ሓደ ዘመን’ውን ጽልውኡ ኣብ መላእ ዓለም መሊሱ እናዓበየ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ክሳብ ሎሚ ብዙሓት ክኢላታት ስነቁጽሪ ክፈትሕዎም ዘይክኣሉ በዓህቲ ቀማረታት ራማኑጃን ኣለዉ።

## ንፍሽኽታ

ሓደ ሰብኣይ ንበዓልቲ ቤቱ ብቴሌፎን ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ብምስዳድ፡ “ደንጉየ ስለ ዝመጻእኩ ኩሉ ዝረስሐ ክዳውንተይ ሓጺብኪ ኣስታሪርኪ ጸንሕኒ። እታ ዝፈትዋ መግቢ ድማ ሰሪሕክለይ ጸንሐኒ። ግዝ እውን ብጽፉፉ ኣጻሪርየዮ . . .” ክብል ናይ ተሌፎን መልእኽቲ ሰደደላ። ካብ በዓልቲ ቤቱ መልሲ ኣይመጽኦን። ድሕሪ ነዊሕ ትጽቢት ድማ “እወ! ረሲዕልኪ እንድየ፡ ናይ ደሞዝ ወሰኽ ተገይሩለይ። ኣብ ዝመጻእ ወርሒ ሓዳስ ማኪና ክገዝኣልኪ እየ።” ክብል ደጊሙ ናይ ተሌፎን መልእኽቲ ሰደደ። ኣብዚ ግዜ’ዚ፡ እታ በዓልቲ ቤቱ ብሓገስ፡ “ናይ ብሓቂ ዲኻ?” ክትብል ሓተተቶ። ብዓል ቤታ፡ “ሓሰየ ኢየ። እታ ቀዳመይቲ መልእኽቲ በጺሓትክን ኣይበጽሓትክን ንምፍላጥ እየ ከምኡ ገይረ” በላ ይበሃል።

## ሓቅታት ብዛዕባ ድቃስ

- ንሓጺር ደቓይቕ ቀም ምባል ናይ ምዝኻር ክእለት የመሓይሽ።
- ኣብ ድቃስ ዕረፍቲ ትረኽብ፡ ኣብ ግዜ ድቃስ ዝስምዓካ ሓዘን ሕርቃን ሓጎስ ይኹን ጓሂ የለን። ኮታስ ናይ ዝኾነ ነገር ስምዒት የልቦን።
- ምድቃስ ሓያልን ፈጠራውን ሰብ ከም ትኸውን ይገብር።
- ደቂ ሰብ ሓደ ስልሲት ካብ ዕድመኦም ኣብ ድቃስ የሕልፍዎ።
- እቲ ከይደቀሰ ዝጸወሐ ዝጸንሐ ሰብ ንተኸታታሊ 11 መዓልታት ኣይደቀሰን።
- ድቃስ ልክዕ ከም መግቢን ምንቅስቓስን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።
- መብዝሕትኦም ስድራ ቤታት ኣብ መጀመርታ ቀዳማይ ዓመት ናይ ወላዶም ካብ 400-750 ናይ ድቃስ ሰዓታቶም ይስእኑ።
- ዘራፍ ኣብ መዓልቲ ካብ 2.30-3 ሰዓታት ጥራይ ትድቅስ፡ ብራውን ዝተባህለት ዓሌት መንጎዕ ድማ ካብ 20-21 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ትድቅስ።
- ኣካላት ናይ ቃንዛ ስምዒት ምስ ዝህልዎ ብምድቃስ ክጉድል ይኽእል።
- ኣካላት ደቂ ሰብ ኣብ ሰዓታት 3-4 ድሕሪ ቐትሪ ድኹም ይኾኑ። ስለዚ ድማ እዩ ብዙሕ ሰብ ኣብዚ ሰዓታት ዝመውት።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊዮሪና |
| 09:40 | ያታዊ ጉጅለ ባህ. ዞባ ማእከል |
| 10:35 | ያታዊ ጉጅለ ባህ. ዞባ ደቡብ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 13:45 | ቀስተ ድሕኑት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፊረ ጻዕሪ |
| 17:25 | መስተንክር |
| 18:00 | ያታዊ ጉጅለ ባህ. ዞባ ማእከል |
| 18:40 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ቡያ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ፍኖተ ሂወት |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ዜና ስፖርት |
| 13:30 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 16:00 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜናትግረ |
| 20:13 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 24:40 | ሃገራዊ መዝሙር |



# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ለበዋ ናይ'ታ ወላዲት



ሓደ ዝበሎ ቃል፡ ኣብ ዓለም እቲ ክሳብ ሎሚ ንዕኡ ዝምጥን መግለጺ ዘይተረኽቦ ዘሎ እዩ፡ "ሓደ ሰብ ንኸሉ ደረጃታት ዕብየት ሓሊፉ ዋላ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ይብጻሕ፡ ዝያዳ ምሩጻት ቃላት ተጠቒሙ ንትርጉምን ሓልዮትን ኣደ ክገልጾ ምፍታን ማለት፡ ንእንታይነቱ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ምእታው እዩ" ብምባል ዝገለጾዎ ብዙሓት ክኢላታት ኣለዉ። ኣደ ዝበሎ ኣምር ንጋል ኣንስተይቲ ዝተዋህበ መግለጺ ኮይኑ፡ መርኣያ ዘይጸንቀቕ ሓልዮታን ተገዳስነታን እዩ። ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ክሳብ ብህይወት ዘላ ንኣደነታ ዘህስስ ኣካል ክህሉ ኣይክእልን። እቲ ምንታይሲ፡ ኣደ ወትሩ ኣደ ስለዝኾነት። ብመሰረት ኣብ ሓደ ሓደ ጽሑፋት ዝተረኽበ ሓበሬታ፡ ሓንቲ ኣደ ምስ ኩሉም ደቃ ዘለዋ ዝምድና ስጡም ቅርበት ዝሕላገኑ ኣገዳሲ ልዑል እዩ። ኣብ ዝጠዘለ እዋን ዝሰማዕ ብዘል'ውን ኣሎ። ንሱ ከኣ ኣደ ዋላ'ኳ ንኹሎም ደቃ ብሓደ ዓይኒ ናይ ምጥማት ባህሪ እንተ ሃለዋ፡ ልዕሊ ኩሉ ግና ንጓላ ከምትፈቱ እዩ ዝሕበር። እዚ መግለጺ፣ ምስቲ ኣብ መንጎአን ዘሎ ተፈጥሮኣዊ ቅርበት ጥራይ ዝርእዩዎ ሐደት ኣይኮኑን። በዚ ኢልካ በቲ ግና፡ ኣደ ንኹሎም ደቃ ብሓደ ዓይኒ ካብ ምጥማት ኣዕሪፉ ኣይትፈልጥን እያ። ኣቦ'ውን ዝያዳ ንወዱ ከምዝፈቱ ዝገልጹ ትሕዝቶ ዘለዎም ጽሑፋት ማእለያ የብሎምን። ብሓፈሻ፡ ሓንቲ ኣደ ንታ ኣብ ኩሉ ዕለታዊ ንጥፈታት ህይወት ከምኣ ዕውትቲ ኮይና ክትርከብ እትደልያ ጓላ፡ ብቐዕቲ ንኽትከውን ዝሕግዝ ገለ ወሰንቲ ምኽራታት ወስ ኣቢላ ኣላ።

# እዛ ጓለይ፡ ቅድሚ ምፍቃርኪ፡ ሓደ እሙን ኣፍቃሪን ንምሉእ ህይወትኪ ምሳኺ ዝነብርን ምሉእ ኣቓልቦን ሓልዮትን ክትገብርሉ ዝጸበን ሰብ ከምዝሎ ፍለጢ። ንሱ ድማ፡ ንስኺ ባዕልኺ ኢኺ። ስለዚ፡ ኣብ ትሕተ ዝኾነ ይኹን ግዜን ኩነታትን ንእትደልዮም ነገራት ንምርካብ፡ ካብ ኑብስኺ ደኣ'ምበር ካብ ካልኦት ኣይትድሊዩዮምን ኣይትጸበይዮምን።

# ተቐዳዳምኪ ካብ ካልእ ሰብ ፍቕሪ ዘይምድላይኪ፡ ብዘይ ናይ ካልኦት ፍቕሪ ክትነብሪ ስለ ዘይትኽእሊ ዘይኮነስ፡ ብፍቕሪ ኣብልኪ ህይወትኪ ዝያዳ ጥዑሚ ክትውሰኽለ ስለ ዝደለኺ ምኳኑ ኣቐዲምኪ እመኒ።

# ጸግዒ ዝኾነኪ ቅድሚ ምድላይኪ፡ እቲ ዝኸበደ ሽግር ክኾነኪ ዝኽእል፡ ብዘይ ናይ ግዱስነትኪ ፍቕሪን ሓልዮትን ክትነብሪ ምስ እትፍትኒ ምኳኑ ኣይትዘንግዒ። ኣብ ዓለም ልዕሊ ፍቕሪ ሰብ፡ ፍቕሪ ናይ ነፍስኺ ምስ ዝኸደለኪ'ዩ ዝዓበየ ሽግር። ምኽንያቱ ንፍሱ ዘየፍቅር ንኻልእ ዝኸውን ልቢ ክህልዎ ስለዘይክእል።

# ቅድሚ ንጸምዋኺ ዘቐንጥጥ ብጹይ ምድላይኪ፡ እቲ ዝዓበየ ጸምዋ ካብ ውሽጥኻ ምፍላይ ምኳኑ ኣቐዲምኪ ምእማን ከድልየኪ እዩ።

# ቅድሚ ደገፍ ዝኾነኪ ብጹይ ምድላይኪ፡ ናይ ጸግዕተኛነት ስምዒት ኣብ ውሽጥኺ ከምዝየሎ ከተረጋግጺ ይግባእ። ጸግዒ ምድላይኪ ብዘይ ሰብ ክትነብሪ ስለ ዘይትኽእሊ፡ ወይ'ውን ገለ ዝጎደለኪ ነገር ስለ ዘሎ ኣይምሰልኪ። እንታይ ደኣ፡ ህይወት ተመሳሊእካ እትሕለፍ መድረኽ ምዃና፡ ርድኢትን እምነቶን ክህልወኪ ግቡእ ስለ ዝኾነ እዩ።

# ከምዛ ዘለኽያ ብዘይ ዝኾነ ቅንጥብጣብ ጥርጥርን ለውጢን ዝቕበለኪ ሰብ ቅድሚ ምድላይኪ፡ ንነፍስኺ ምስ ኩሉ ድኽመታታ ክትቕበልያን ከተፍቅርያን ከምዘለኪ ኣቐዲምኪ ንስኺ እመኒ። እዚ ምስ እትኣምኒ፡ ንመጸምድትኺ ብዘይ ጸገም ከምዘለዎ ክትቕበልዮ ኣይክትጽገምን ኢኺ። ምኽንያቱ ደቂ-ሰብ ነፍሲ-ወከፍና እንንቀሳቐሰሉ ኣቦር ወይ ጉድለት ዘለና ፍጡራት ስለዝኾንና። በዚ መንገዲን ርድኢትን ኣብልኪ ከኣ ፍቕርኺ ከተዕብዪ ኩቶ ኣይክትሽገርን ኢኺ።

## ዋጋ ብመንጽር ኣገልግሎት

ዋጋ ናይ ሓደ ነገር ብመንጽር'ቲ ዝህቦ ኣገልግሎት ክንዎዓሚ እንተ ንፍትን ዝያዳ ወጽኢታዊን ኣድማዒን ምኾነ ኢልኩምዶ ሓሲብኩም ትፈልጡ? ብሓፈሻ ሰባት ንነገራት ካብቲ ዝህብዎ ኣገልግሎት ንላዕሊ ዝያዳ በቲ ዝሰለዓሉ ዋጋ ወይ ወጻኢታቶም ኢና ንልክዖም። እዚ ድማ ክንጽ ብውሁደት ኣብ ዝውቀበት ሰሎማዊት ናብራ፡ ኣብ ውድድርን ኣብ ናይ ረኣዩሊዩን ዘመን ንነበር ምህላውና ዘጽር ህያው ኣብነት ኮይኑ ይስመዓና።

ገለ ገለ ነገራት ዋላ'ኳ እቲ ዝህብዎ ጥቕሚ ሓደ ይኹኑ ዋጋ መሰረት ንዘበረ ረቒሒ ቀዳምነት እናሃብና ኣገዳስነቶም ክዕብዮን ክንኸብዶን ወይ'ውን ክንቅንሶን ክነፍክሶን ንርእ ኢና። እዚ ምናልባት ምስ ደረጃ ዕድመናን ኣተሓሳስባናን ዝልካዕ ክኸውን ይኽእል እዩ። እናዓበና ክንከይድ ከለና፡ ብኡ መጠን ድማ እናበላሕና ኢና ንኸይድ። ንኣብነት፡ ዋጋ ሓንቲ ሰዓት 30 ዶላር፡ ዋጋ ናይታ ካልእ ሰዓት ድማ 300 ዶላር ክኸውን ትርኢ። የግዳስ፡ ክልቲአን ሰዓት ልክዕ ሓደ ዓይነት ኣገባብ ኣቀጻጽራ ዝኽተላን ኣገልግሎት ዝህባ ምኳነን ንርዳእ። 150 ሽሕ ዶላር ዝዋግኣ ማኪና ንዘውር፡ 2000 ዶላር ዝዋግኣ ማኪና ንምራሕ፡ ርሕቀት መንገዲ ናይቲ እንኸዶ ቦታ ግና ሓደ እዩ። ማለት፡ ኣብ ሓደ መዕረፊ ኢና ንበጽሕ። 300 ዝዋግኡ ጥርሙዝ ወይኒ ሰቲና እንተ ሰኸርና፡ 10 ዶላር ዝዋግኡ ጥርሙዝ ወይኒ እንተ ሰቲና'ውን ልክዕ ከምኡ ምሰኸርና ዘይተርፈና እንተኾይኑ፡ እቲ ኣብ ዋጋ መሰረት ዝገበረ ኣፈላላይ ደኣ እንታይ'ዩ ረብሓኡ?

ክልተ ኣብ በበይኑ ክብበታት ንብሕቶም ዝቕመጡ ኣሕዋት ኣለዉ፡ ግናኹ እቲ ሓደ ኣብ ገፊሕ እቲ ከኣ ኣብ ጸቢብ ገዛ ይነብሩ። እቲ ጸምዋ ግን ሓደ እዩ። ሽዑ ውሽጣዊ ሓጎስ ኣብ ንዋታዊ ነገራት ከምዘይርከብ ክትርዳእ ትኽእል። ሓቀኛ ሓጎስ ካብቲ ምስ ኣዝማድካ፡ ኣዕሩኽትኻን ፈተውትኻን ሓቢርካ እተሕልፎ ጽቡቕ ግዜ ጥራይ እዩ ዝርከብ። ምስኦም ሓቢርካ ክትጻወትን ክትሰሕቕን ከለኻ እትረኽቦ ሓጎስ መለክዒ የብሉን። ኣብዚ ሓጎስ ብነገራት እምበር ብኻልእ ዝመጽእ ዘይመስለና እዋን፡ 'ንህጻናት ክመውርሶም ዝግበኦና ነገራት' ኣብ ትሕቲ ዝበሎ ኣርእስቲታት ካብ ዝተረኽቡ ገለ ነጥብታት ሓንቲ ደስ ትብል ሓሳብ ኣላ። ከምዚ ከኣ ትብል፦ "ደቅና ሃብታማት ክኾኑ ኣይንምሃሮም። ሕጉሳት ክኾኑ ነስተምህሮም። ምኽንያቱ ምስ ዓበዩ ዋጋ ነገራት እምበር ዋጋኦም ክፈልጡ ስለዘይክእሉ። ደቂ-ሰብ ካብቲ ካብ ነገራት ዝረኽብዎ ሓጎስ ጥቕሚን ንላዕሊ ዘገድሶም ሓደ ነገር ኣሎ። ንሱ ከኣ እቲ ነገር ክንጽ ብዋጋኡ ብዝህቦ ኣገልግሎት ክልክዕዎን ከመዝንዎን ክጅምሩ እንክሎ እዩ።"




## ክይብሉኒ

ባህሊ፡ መሰረትን መንነትን ሓደ ሕብረተሰብ እዩ። ሕመረት ባህሊ ከኣ ካብ ልምዲን ስርዓትን ሓደ ሕብረተሰብ ወጺኡ ዝኸይድ ንጥፈታት ኣይኮነን። መብቆል ስርዓት ድማ ካብ ገዛ እዩ ዝጅምር። ንሰባት ተኸብር እንተ ኼንካ፡ ብመጠን'ቲ ዝለገስካዮ ክብሪ ክትከበር ትርኢ። ኣብ ልዕሊ ሰባት ፍጹም ክብረት ዘይብልካ ክንሱ ኩሉ ሰብ ከኽብረካ ምጽባይ ማለት ግን ንፍስኻ ምስ ዘይምፍላጥ ምጽብጻብ ይቖጸር። ምኽንያቱ፡ ምስ ሰባት ዘኽብረካን ዘኽብርካን ጥዑም ባህሪ ክህልወካ ስለ ዝድለ። ብዘይካ'ዚ፡ ትኹብሮ ሕብረተሰብ ዝጠልቦን ዝጸዞን ስርዓት ክተማልእ ግዴታኻ ይኸውን። እዚ ማለት ግና፡ ኣብ




ከቢ'ኻ ዝኑበሩ ሰባት ንዝበሉኻ ኩሉ ኣተግብር ማለት ዘይምኳኑ ተገንዘብ። ብዙሓት ሰባት ብሸኻ ናይ ከብሎም ዘረብታትን ርእይቶታትን ኣብ ከቢድ ሓደጋ ይኣትዉ እዮም። እዞም ሰባት መብዝሕትኡ ግዜ ናብ ከምዚ ደረጃ ዝወድቑ ብሸኽ 'ሰባት ክይብሉና' ዝበል ፍርሒ ምኳኑ ድማ'ዩ ዝነገር። ስለዚ፡ ኣብ ህይወትካ ሰብ ክይብሉኒ ኢልካ ንሰብ ከተሐጉስ ኢልካ፡ ኣብ ዓንኬል ጌጋ ንጥፈታትን ውሳኔታትን ካብ ምዝንባይ ተቖጠብ። ሰብ ድሌቱ ክተማልኣሉ ከለኻ ክፈትወካ፡ ከተማልኣሉ ምስ ዘይትኽእል ከኣ ክጸልኣካ ከም ዝኽእል ኣዳዕዲዕካ ፍለጥ። ኣብ ከምዚ ግዜን ኩነታትን ካብ ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ክትርሕቕ ይምረጽ። ሰብ ጸሊኡ ክፈትወካ ወይ'ውን ብኣንጻሩ ፈቲዩ ክጸልኣካ ከምዝኽእል ተረዲእካ፡ ካብ ሰብ ክይብሉኒ ዝመጣጠሉ ሓሳብን ርድኢትን ረሓቐ።

መብዝሕትኦም ሰባት፡ ኑዮም ኣብ ከብኦም ፍቱዋትን ተደላይቲን ዝበልዎም ሰባት ከሐጉሱ ክበሉ ኣብ ዘይወጽዎ ዓቐቲ ጭንቀትን ወጥሪን ክኣትዉ ይረኣዩ እዮም። እዚ፡ ወጽኢት ናይቲ ሰባት ክይብሉኒ ዝመንቀሉ ሓሳብ ኮይኑ፡ ሰባት ዝበልዎም ንዝሓሰብዎም ክተግብር ብሰንኪ ምፍታንን ዝሰዕብ ነውጺን ሕንፍሽፍሽን እዩ። ሰብ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ህሞት ብዘዕባ ካልኦት ሰባት ይኹኑ ነገራት ክዛረብ እዩ ዝነብር። ምኽንያቱ፡ ምብህሃል ኩሉ ነገራት ኣልዒልካ ምዝራብ ወይ ምዝታይ፡ ልምድን ባህርን ናይ ኩሉ ሰብ ስለ ዝኾነ። ስለዚ፡ ዋላ'ውን ኣብቲ ቅኑዕ መንገድን ሓሳብን ሃሊ፡ ሰባት ብዛዕባኻ ካብ ምዝራብ ከምዘይቦኽሩ ተረዲእካ ንጥፈታትካ ክተሰላሳል ይግባእ።

ከምቲ ኣቦታት ዝመሰሉዎ፡ "ክይብሉኒ ዝበለ ከይተባህለ ኒይተርፍ" እዩ ነገሩ'ሞ፡ ሰብ ዝበለ እንተበለ መደብትኻን ሓሳብትኻን እናኸለስካ ስራሕካ ካብ ምስልሳል ኣይትብኩር። ሰባት ማስትያት እዮም ይብሃል እዩ። እንተኾነ፡ ዘመናዊ ማስትያት ብልክዕ መልክዕካ ከምዘሎ ዘለዎ ተኸእሎ ትሓት እዩ። ዝተነጠዋወየን ዘይናትካን ምስሊ ዘርኢ ማስትያት ኣጋጢሙካ ይኸውን እዩ። ሰባት'ውን ብተመሳሳሊ ልክዕ ዝሓለወ ኣገላልጻ ከምጥወልካ ከምዘይክእሉ ተገንዘብ።

ብናይ ካልኦት ሰባት ሓሳብ ትኸይድ እንተ ኼንካ፡ ሓንቲ ፍረ ከተፍሪ ኣይትኽእልን ኢኻ። ቅድም ቀዳድም ብመንነትካ ኣብ ግዱስነትካ ውሽጣዊ ዕግበትን እምነትን ይሃልወካ። ብዘወሳኺ፡ ኣብቲ ብሰባት ንመንነትካ ኣመልኪቱ ዝዘረብ ዘረባታት ገለ ኣፍልጦ ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ሰባት ዝበልዎ ንዓኻ ብዙተፈልየ ምኽንያት ተኸውሉካ ንዘጸንሐ ሕማቕ ባህሪያትካ ክትፍትሽ ሓጊዙ ክኸውን ስለዝኽእል። ስለዚ፡ ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ ጉዕዞ ግዱስነትካ ምፍታሽን ምምዝጋምን ከም ዘድልየካ ዘይምዝንጋዕ።

ንሰብ ክተሐጉስን ሰባት ክይብሉኒ ካብ ዝበል ርድኢትን ተበጊስካ፡ ንጌጋታትካ ናብ ዘጉልሕ ዘይቅቡል ኣንፈት ትገዓዝ እንተ ኼንካ ግና፡ ካብ ኩሉ ትወጽእ ኣለኻ ማለት'ዩ። ካብ ባህል'ኻን እምነትካን ከይተረፈ'ውን ከውጽኣካ ስለዝኽእል፡ ንሰብ ኣይትብደሎ እምበር 'ክይብሉኒ' ካብ ዝበል ስክፍታ ተበጊስካ ኣብ ዘይመደብካን ድሌትካን ካብ ምእታው ምቝጣብ ልቦና እዩ። ሕልምኻ ንምዝዳድ ኣብ እትገብሮ ጉዕዞ ንኹሉ ሰብ ለዋህን ፈቃርን ክትከውን ባህሪ ይህልወካ ይኸውን። እንተኾነ፡ ቅድሚ ነፍስኻ ሓደ እኳ ዝሰራዕ ከም ዘየለ ኣስተውዕል። ብሰብ ምሕማይካ ንዘይተርፈካ 'ብክይብሉኒ' ዝበል ሓሳብ ንፍስኻ ኣደዳ ብስጭትን ወጥርን ከይትገብራ ተጠንቀቕ።

[illegible] ቃላት ቁ.5

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 ቅ | 2 ያ | 3 ስ | ጡ | 4 ም | 5 መ | 6 ስ | 7 ር | ዕ | | 8 ኽ | 9 ዓ |
| 10 ር | ዕ | ቲ | | 11 ሂ | ስ | ት | ሬ | | 12 መ | ረ | ደ |
| 13 ሕ | ያ | | 14 ተ | ዛ | ተ | | 15 መ | 16 ሃ | ን | ድ | ስ |
| 17 ን | ዕ | ሴ | ቲ | | | 18 ገ | | 19 ን | ሀ | መ | |
| ቲ | | | 20 ዐ | ስ | 21 ረ | | 22 መ | ደ | ብ | | 23 ጠ |
| | 24 ዴ | 25 ሰ | ዮ | | ድ | | 26 ላ | ሳ | | 27 ነ | ቢ |
| 28 አ | ጉ | ዱ | | 29 መ | ረ | 30 ባ | ዕ | | 31 ስ | ቢ | ሑ |
| 32 እ | ድ | ም | 33 ጽ | | 34 ድ | ፃ | ስ | | ሐ | | |
| ን | | | 35 ፉ | ል | | | 36 ዒ | 37 ቃ | | 38 ፋ | 39 አ |
| 40 ጊ | 41 ን | ዳ | ዕ | | 42 ም | 43 ጸ | | 44 ጋ | 45 ሕ | ፊ | ሱ |
| 46 ዱ | 47 ላ | | | 48 ሽ | ን | ፍ | 49 ላ | | ኑ | | ታ |
| | 50 ጸ | ን | ብ | ሮ | ም | | 51 ማ | ሕ | ስ | እ | |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.**

**Position: Dental Therapist**
**Department: Employee Services**
**Section: Medical Services**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**
- Provide dental medical care to sick employees and provide health education on dental hygiene
- Provide advanced dental therapy like filling and root canal therapy

**Main Function**
- Patient care
- Document work related accidents for insurance
- Maintain sanitaization of dental equipments and the dental Clinic
- Preparation of dental equipment and supplies
- Report writing

**Unique Requirement**
- High level of Professional Ethics and integrity in Patient information Confidentiality

| **Qualifications:** |
|---|
| • Degree Dentist / Diploma in Dental Therapist<br>• Registered by the Ministry of Health as a Dental Therapist/ Dentist |
| **Knowledge and Experience:** |
| • 2 – years' experience as a dental therapist/ dentist |
| • Currently working as a dental therapist/ dentist |
| • Knowledge and experience in procurement of commonly used instruments, equipment and feeling materials, in disease reporting as of MOH requirement. |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Good computer skills ( Microsoft)<br>• First Aid Knowledge and Safety experience<br>• Experience in dental clinics | • Good command of English / Local language<br>• Interpersonal Relations<br>• Ability to work towards strict deadlines |

**General Information and other requirements:**
- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**
- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.)**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to the sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to: -**
- **Bisha Mining Share Company,**
- **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application**
1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**

   **Asmara, Eritrea**



### ምስጋና

ወድና ዶክተር ናህም መርእድ እምባዬ፡ ብሓደጋ ኣብ ሃገረ ካናዳ ስለዝሞተ፣ ኣብ ሃገረ ካናዱ ሃገረ ኣመሪካ፡ ሃገረ ኤርትራ ዘለኹም ተኻፊልት፡ ሓዘንና ዝኾንኩም ቤተሰብና ፈተውትና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከፍመዝዩጸና ንገልጽ።

ኣቡኡ ኣቶ መርእድ እምባዬ ምስ ብዓልቲ
ቤቱይ ነፍ/ት ልችያ ተኽለይ
ምስ ምሉኣት ደቀይ።



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እናፍቅራን እናኽብራን ጓልናን ሓፍትናን ወ/ሮ ሩት ወልደሩፋኤል ተኽለ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ራሳ ካብ ሃገረ ጀርመን ኣብ ምልኣኽን ክሳብ ዓዲ መንኮቲ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ብቴሌፎን ይኹን ብኣካል ዘጸናናዕኩምናን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከፍመዝዩጸና ንገልጽ።

ኣዲኣ ወ/ሮ ምብራቕ ዑቕባዝጊ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት።

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጉዳይፍ ጎደና ዓሊተና መረብ ጉሉበቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00042313 ናይ ቡቲክ ትካሊይ ወ/ሮ ሹሻን ኣብርሃ ፍካክ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጉዳይፍ ጎደና ዓሊተና መረብ ቁ.ገዛ ብዕለት 21/06/2024 ቁ.መዝ 187/2024 ብወህብቶ ስለዝሃበትኒ፡ ብስም ወዛቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ግቡኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቘጺሩ ናብ ስመይ ከምዝመሓላለፍ ንሕብር።

ኣስመሮም ኣብርሃ ፍካክ

ወ/ሮ ስምረት ተገኝ ኣቸኝ ዝተፈቕደለን ናይ ምጽራይን ምስላጥን ንግዳዊ ትካለን "ሻሎም ምጽራይን ምስላጥን" (SHALOM CLEARING & FORWARDING) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መእገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም እንምዝግቦ ንሕብር።


ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

ወ/ሮ ውላዚት ሽማንገስ ጉብርሂወት፡ ዝተፈቕደለን ናይ ምጽራይን ምስላጥን ንግዳዊ ትካለን "እምነት ምጽራይን ምስላጥን፡ (IMNET CLEARING & FORWARDING) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መእገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም እንምዝግቦ ንሕብር።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

ታምኣይል ማሊንዲ ኤርትራ ብርካዊ ማሕበር፡ ንብረቱ ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል፣ ምም/ን/ዞባ ጉዳይፍ ከባቢ ብሎኮ ጉዳይፍ ምስ መዐደሊ ነዳዲ ስገቡ ዝርከብ፣ ወ/ሮ ለተሚካኤል ተወልደ ንኣገልግሎት ጋራጅ ክጥቀማሉ ዝጸንሓ ህንጻን ክፉት ቦታን ብመንገዲ ፈጻሚ ፍርዲ ንዋንኡ ተረኪቡ ኣሎ። ይኹን እምበር፡ ዋንኡ ዘይተፈልጠ ዝተፈላለየ ኣረጊት ንብረት ከም ዳምባር (መሬት ማስጉዲት) ፡ ካልእ ዝተፈላለየ ንብረትን ኣካላት ናይ መኪናን ኣብቲ ቦታ ይርከብ። ትካልና ነቲ ቦታ ግቡእ ጽገና ብምግባር ክጥቀመሉ መደብ ብምህላው፣ ኣብ ቀጽሪ ናይታ ብስም ወ/ሮ ለተሚካኤል ተወልደ ዝፍለጥ ዝነበረ ጋራጅ ዝርከብ ዝተፈላለየ ንብረት ዋንኡ እየ ዝብል ውልቀሰብ፣ ወይ ትካል ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ መረጋገጺ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈትና ብምቕራብ ንብረቱ ከልዕሎ ንሕብር። ብመሰረት እዚ ምልክታ ዋንኡ ዘይተሓተተሉ ንብረት፡ ትካልና ብዘጥዕሞ ኣገባብ ክውግዶ ምኳኑን ንዝመጽእ ሳዕቤን ተሓታቲ ከም ዘይኮነ ኣቓዲሙ ይሕብር።

ታምኣይል ማሊንዲ ኤርትራ ብርካዊ ማሕበር



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቢንያም፡ ካልኣይ ደረጃ ሒዙ




ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ክሉብ ኢንተርማርሽ ቢንያም ግርማይ፡ ብቐደማይ ትማሊ (ዓርቢ) ኣብ ካናዳ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ካልኣይ ኣትዩ።

እዚ 201.6 ኪሎሜተር ዝሸፈነ 'ግራንድ ፕሬክስ ሳይክሊስት ደ ኩበክ' ዝጸዋዕ ውድድር፡ ናይ ቸርኪቶ ጸወታ እዩ ነይሩ። ኣብ ከተማ ኩበክ ሓንቲ ዙርያ 12.6 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈተን ቅርጺ መሬት ከኣ ተቐዳደምቲ 16 ዙርያ ኪሊሎም።

ልዑል ተመክሮ ናይዚ ውድድር ዘለዎ ተቐዳዳማይ ክሉብ ጃይኮ ኣልዑላ ሚካኤል ማቲወስ ከኣ ብኸኢ ንቢንያም ግርማይ ቀዲሙ ብ4 ሰዓት፡ 45 ደቒቕን 36 ካልኢትን ተዓዊቱ። ሚካኤል፡ ኣብ 2018ን 2019ን ኣኸታቲሉ ነዚ ውድድር ተዓዊቱሉ ብምንባሩ፡ ዓርቢ ምሸት ሃትሪክ ክሰርሕ በቒዑ። ብዘበለሐ ዓወታት ምስ ፒተር ሳጋንን ሳይሞን ገራንስን ተደሪቡ ድሕሪ ምጽናሕ ድማ፡ በዚ ዓወት ሻምላ መሪሕነት ሒዙ ኣሎ። እዚ ወዲ 33 ዓመት ኣውስትራልያዊ ተቐዳዳማይ፡ "እዚ ዓወት፡ ነታ ቅድሚ ክልተ መዓልታት ዝዓረፈት ዓባየይ ወፍየዮ ኣለኹ።" ድማ ኢሉ።

ኣብ ናይ ክላሲክ ውድድር ሓደ ካብቶም ተጠመትቲ ተቐዳደምቲ ኮይኑ ዘሎ ቢንያም ብወገኑ፡ "ኣብ መወዳእታ እግረይ ተሃስየ ነይሩ፡ ብፍላይ ታደይ ፖጋቻ ኣብተን ናይ መወዳእታ ክልተ ዙርያታት ብዘፈጠሮ ፍሕሾ ዝፈጠሮ ናህሪ ከበድ ምንባሩ ገሊጹ።

ዕውት ቀጠልያ ማልያ ዘር ፈረንሳ 2024 ዝኾነ ቢንያም፡ ኣብ 2022 ንፈለማ ግዜ ኣብዚ ናይ 1.UWT መለክዒ ዘለዎ ውድድር ኣብ ዝተሳተፈሉ፡ ብበናት ክስፍሮይን ሚካኤል ማቲወስን ተበሊጹ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ ነይሩ። እዚ ወዲ 24 ዓመት ናይ ሸኻ(ቦሊታ) ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ቅድሚ ኣብ ሻምፕዮን ዓለም 2024 ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ምልባሱ፡ ካብ ካናዳ ከይወጸ ሎሚ(15 መስከረም)፡ ከምኡ'ውን ዝመጽእ 22ን 25ን መስከረም፡ ኣብ ቤልጅዩም ኣብ ኻይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ክሳተፍ ምዃኑ ሰሌዳ ጸወታኡ የረድእ።

ናይዚ ውድድር ተሸላሚ ኑሓስ መዳልያ፡ ፈረንሳዊ ሩዲ ሞላርድ እዩ። ብዘይካዚ፡ ናይዚ እዋን ዝበለጸ ተቐዳዳማይ ዓለም ምዃኑ ዝእመነሉ ታደይ ፖጋቻ፡ ኣብ ዙር ፈረንሳ ድሕሪ ምዕዋቱ ንፈለማ እዋን'ዩ ኣብዚ ንመበል 13 ግዜ ዝተኻየደ ውድድር ተጻዊቱ፡ ሻውዓይ ኣትዩ። ፖጋቻ፡ ሓደ ካብቶም ዝመጽእ 29 መስከረም ንዝካየድ ሻምፕዮን ዓለም ክዕወቱሉ ተገሚቶም ዘለዉ ተቐዳደምቲ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ተቐዳዳማይ ክሉብ በይኩዝ ናትናኤል ብርሃ፡ ትማሊ ኣብ ዙር ኢስታንቡል ካብ ዕወት 47 ካልኢት ድሒሩ መበል 43 ደረጃ ሒዙ። ወዲ ጋንታኡ ጴጥሮስ መንገሸ ከኣ 4 ደቒቕን 23 ካልኢትን ድሒሩ መበል 85 ኣትዩ። 113.3 ኪሎሜተር ንዝሸፈነት ሳልሰይቲ መድረኽ፡ ፈረንሳዊ ኣቤል ቶታል ኢነርጂስ - ማቲዩ በርጋደዩ እዩ ብ2 ሰዓት፡ 41 ደቒቕን 7 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሰንበት ክዛዘም እዩ።

## ኩዕሶ ሰኪዔት - ኣርባዕተ ኣስመራን ሲቲ ሰንተርን ተዓዊተን
## ሙሴ፡ ዳንክ ብምግባር ...

ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ቀዳማይ ዲቪዥን ኩዕሶ ሰኪዔት ዞባ ማእከል፡ ኣብ ደገ ዝበኑ ኤርትራውያን ንዝወፈየዋ ዘዋሪት ዋንጫ ንምዕታር ዘካይዳኦ ዘለዋ ናይ ኣውዲቸካ ምሕላፍ ውድድር፡ ትማሊ ቀዳም ቀጺሉ ነይሩ።

ኣብዚ ኣብ ሜዳ ቦቸፊልያ ዝካየድ ዘሎ ውድድር፡ ፈለማ ምም/ ኣርባዕተ ኣስመራን ብደሆን ተጋጢመን። ኣርባዕተ ኣስመራ ከኣ 46 ብ42 ተዓዊታ። ኣብ ቀዳመይቲ ርብዒ፡ ተጻዋታይ ኣርባዕተ ኣስመራ ሙሴ ጺጋይ ዳንክ ብምግባር ኣርእስቲ ሰሪሑ።

ድሒሩ ኣብ ዝተሰላሰለት ጸወታ ድማ፡ ሲቲ ሰንተር ንሽዕላ 83 ብ56 ሰዒራታ። እዚ ውድድር፡ ዝመጽእ ረቡዕ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ብናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታታት ክቕጽል እዩ።

## ክረምታዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ተዛዚሙ

ኣብ መንነ 16 ንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከል ክካየድ ዝወርሐ ክረምታዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ግራስ ሩት ተዛዚሙ።

በዚ መሰረት፡ ትሕቲ 13 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ፡ ናይ ዋንጫ ገጀረት ንዕዲጋ ሓመስ 1-ብ0 ክትስዕራ እንከላ፡ ኣብ ናይ ደረጃ ጸጸራት ንጉዳይፍ 2-ብ0 ኣሰኒፋታ። ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ናይ ዋንጫ ጉዳይፍ ንፓራዳይዝ 2-ብ0 ክትረትዓ እንከላ፡ ጸጸራት ንገጀረት 1-ብ0 ሳልሰይቲ ወጺኣ።

ኣብ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ጉዳይፍ ንኣኽርያ 1-ብ0 ብምስዓራ ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ገጀረት ንብሪኽ 4-ብ1 ሰዒራ ገጀረት ሳልሰይቲ ወዲኣ። ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ኣኽርያ ንጉዳይፍ 3-ብ0 ብምስዓር ሳልሰቲ ወጺኣ።

ኣብ መንጎ ሓሙሽተ ጋንታታት ትሕቲ 17 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ዕዲጋ ሓመስ ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ፓራዳይዝን ገጀረትን ካልኣይተን ሳልሰይቲ ኮይነን ዛዚመን። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ዕዲጋ ንሓመስ ንሰምበል 2-ብ1 ብምስዓር ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ።

ናይ ፍጻመ ጸወታ ትሕቲ 15 ፓራዳይዝ ኣንጻር ግዛንዱ፡ ከምኡ'ውን ናይ ትሕቲ 17 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ ቲራቮሎ ኣንጻር ፓራዳይዝ ኣብ መዛዘሚ ዕለት ክካየዳ ንዘይተወሰነ መዓልቲ ተሰጊጊሩ ምህላው፡ ጸብጻብ እቲ ውድድር የረድእ።

## ሃላንደ፡ ታሪኽ ሰሪሑ
## ሊቨርፑል፡ ዘልሓጦ ትብል

ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ ኤርሊንግ ሃላንድ፡ ኣብ ቀዳሞት ኣርባዕተ ጸወታታት ፕሪመር ሊግ ትሽዓተ ሸቶታት ዘመዝገበ ቀዳማይ ተጻዋታይ ኮይኑ - ትማሊ ኣብ ልዕሊ ብሬንትፎርድ ሸቶ ብምቑጻሩ።

ሃላንድ፡ ኣብ ቀዳሞት ሰለስተ ግጥማት ሸውዓተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ ጸኒሑ። ትማሊ ንብሬንትፎርድ 2-ብ1 ኣብ ዝሰዓርሉ ጸወታ ከኣ ንኽልቲአን ሸቶታት ብምቑጻሩ እዩ ኣብ ቀዳሞት ኣርባዕተ ግጥማት ትሽዓተ ወይ ልዕሊኡ ሸቶታት ዘመዝገበ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ኮይኑ። ሲቲ ከኣ ብምሉእ ዓወት 12 ነጥቢ ኣኪባ መሪሕነታ ኣብ ምቅጻል ትርከብ።

ብዘይካዚ፡ ኣብዚ ጸወታ ኣብ መበል 22 ካልኢት መሪሕነት ዘትሓዘቶም ሸቶ ዘመዝገበ ኣጥቃዓይ ብሬንትፎርድ የኣን ዊሳ፡ ንናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕውትቲ ዝቐልጠፈት ሸቶ ዘመዝገበ ተጻዋታይ ተባሂሉ ክብረወሰን ኣጽሒፉ እዩ። ዛጊት ናብዚ ወቕቲ ዝቐልጠፈት ሸቶ'ውን ኢያ።

እንተ'ታ ብተመሳሳሊ መገዲ ዓወት ሒዛ ዝጀንሐት ሊቨርፑል፡ ኣብ ሜዳኣ ብኖቲንግሃም 1-ብ0 ተሳዒራ፡ ካብ ሲቲ ዘልሓጦ ክትብል ጀሚራ። ንሊቨርፑል ሓደጋ ዘወደቐታ ኖቲንግሃም፡ ኣብ መበል 72 ደቒቕ ካብ ኦዲሶን ኦዶይ ብዝረኸበታ እኾ ሸቶ እያ ነጥባ ናብ ሽሞንተ ክብ ዘበለ ዓወት ኣመዝጊባ።

ኖቲንግሃም፡ ድሕሪ 55 ዓመታት እያ ኣብ ኣንፊልድ ትዕወት ዘሎ። ብሓዳሽ ዓሰልጣኒ ኣርነ ስሎት ኣብ ሰለስተ ግጥማት ሸቶ ከይተመዝገበ ብድምር ሸውዓተ ሸቶታት ኣመዝጊባ ምሉእ ትሽዓተ ነጥቢ ሒዛ ዝጸንሐት ሊቨርፑል፡ ኣብ 25 ናይ ሊግ ግጥማት ኣብ ሜዳኣ ብኖቲንግሃም ተሳዒራ ኣይትፈልጥን ጸኒሓ፣ 20 ዓወት ሓሙሽተ ማዕረ።

## ዩናይትድ፡ ዝኸበራ ወጥሪ ተህድእ

ካብ ሰለስተ ናይ መኽፈቲ ግጥማት ኣብ ክልተ ስለዝተሳዕረት ኣብ ወጥሪ ዝቐጸየት ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ትማሊ ናብ ሳውዝሃምፕተን ተጓዒዛ 3-ብ0 ብምዕዋት፡ ዝኸበራ ወጥሪ ብመጠኑ ኣህዲኣቶ።

ቀዲማ ኣብ መበል 32 ደቒቕ ሸቶ ከይትምዝገብ ንዘተርኸበት ፍጹም ቅላዕ ሓላዊ ልዳት ኦናና ዘምከላ ዩናይትድ፡ ኣብ መበል 34 ደቒቕ ካብ ማቲያስ ደሊክት ብዝረኸበታ ሸቶ 1-ብ0 መሪሓ። ኣብዛ ክረምቲ ናብዛ ጋንታ ዝተጸምበረ ደሊክት፡ ካብ ብሩኖ ፈርናንደዝ ዝመጽኦ ኩዕሶ ብርእሱ ገጪዩ ቀዳመይቲ ሸቶኡ ጸምቢሉ። ድሕሪ ሸዱሽተ ደቓይቕ ከኣ ብእሞቶቕ ኣቓውማኡ ካብ ዝንቐፍ ነዊሕ ዘቑጸረ ማርከስ ራሽፎርድ፡ መሪሕነቶም ዘደልደለት ሸቶ ተረኺቡ። ንራሽፎርድ ድሕሪ ወርሒ መጋቢት ናይዛ ዓመት ቀዳመይቲ ሸቶኡ እያ።

ናይ 2-ብ0 መሪሕነት ሒዛ ናብ ዕረፍቲ ዝወጸት ዩናይትድ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ሸቶ ከተምዝግብ ልዕሊ 50 ደቃይቕ ወሲዱላ። ተቐያሪ ዝኣተወ ኣሊሃንድሮ ጋርናቾ፡ ኣብ መበል 96 ደቒቕ ሸቶ ኣቑጺሩ። እዛ ጋንታ፡ በዚ ገፊሕ ዓወት፡ ወህሊል ነጥባ ናብ ሽዱሽተ ክብ ኣቢላቶ ኣላ።

እዛ ጸወታ፡ ካብ ምውት ግዜ ምዕጻዋ ማስኮት ምስየገጋር ካብ ፒኤስቪ ናብዛ ጋንታ ዝተጸምበረ ማኑኤል ኡጋርተ፡ ንኤሪክሰን ቀይሩ ብምእታው ቀዳመይቲ ጸወታኡ ኣካይዱ። ኣብዚ ጸወታ፡ ተጎ ሃግ ኑቲ ቅድሚ ክልተ ሰሙን ብሊቨርፑል 3-ብ0 ኣብ ዝተሳዕርሉ ጸወታ ጌጋታት ንዝፈጸመ ኣከፋፋሊኡ ካሲሚሮ ኣብ መንበር ተቐሚጡ ኣጽኒሒሉ፡ ፈለማ ንኤሪክሰን እዩ ኣእትዩዎ።




## ቶተንሃም ዶ ኣርሰናል?

ቶተንሃም፡ ንጎል ከተማኣ ኣርሰናል ዓዲማ እተካይዳ ናይ ደርቢ ጸወታ፡ ድሕሪ'ቲ ክካየድ ዝቐጸየ ኣህጉራዊ ግጥማት፡ ናይዛ ሰሙን ዝዓበየት ጸወታ ፕሪመር ሊግ እያ ክትከውን።

ቶተንሃም፡ ሰለስተ ግጥማት ሓንሳብ ዓወት፡ ሓንሳብ ስዕረት ሓንሳብ ከኣ ማዕረ ብምውጻእ ኣርባዕተ ነጥቢ ትርከብ። እዛ ጋንታ፡ ብፍላይ ኣብታ ኣንጻር ሌስተር ማዕረ ዝወጸትላ ከምኡ'ውን ብኤውርቶን ዝተሳዕረትላ ጸወታ፡ ብዙሕ ዕድላት ፈጢራ እያ። ክትጥቀመሎም ብዘይምኽኣላ ግና፡ ሓሙሽተ ነጥቢ ክትኸስራ ተቐሲባ ትርከብ። ኣብዛ ጸወታ፡ ዕድላ ፈጢራ ናብ ሸቶ እንተዘይቐይራቶ ከኣ ዋጋ ክትኸፍለሉ ትኽእል እያ። ብዓበኣ ቀጻልነት ዘለዎ ዓወታት ክተውሕስ እንተዘይኽኢላ፡ ኣብዛ ወቕቲ'ውን ምስ ቀዳሞት ኣርባዕተ ክለባት ክትውድእ ኣይትኽእልን እያ። በዛ ቀንዲ መቐናቕንታ እንተተሳዒራ ከኣ፡ መንበር ምስልጣን ኣንጅ ፖስተኮግሉ፡ ነቕነቕ ክብል ክጀምር እዩ።

ብናይ ማእቶ-ማእታዊት ዓወት ነቒላ ዝበረት ኣርሰናል፡ ምስ ብራይተን ብዝተማቐልቶ ነጥቢ፡ ሸውዓተ ኣኪባ ትርከብ። እዛ ጋንታ፡ ሎሚ ካብ ቶተንሃም ነጥቢ ሒዛ ክትምለስ እንተኾይና፡ ኣብ ማእከል ምክፍፋላ ተፈጢሩ ዘሎ ጸገም ክትፈትሖ ከም ዘለዋ ይግለጽ።

ደክላን ራይስ፡ ብሰንኪ መቐጽዕቲ፡ ኦደጋርድ ከምኡ'ውን ሓዳሽ ኣባላ መሪኖ፡ ብሰንኪ ማህረምቲ ኣይክትጥቐመሎም እያ። ብፍላይ፡ ዘይምህላው ኣገደስቲ ተጻወትቲ ራይስን ኦደጋርድን ክይዝሕያ ደስኳ።

ራይሱ ዛጊት ኣብዚ ወቕቲ 97.1 ሚእታዊት ቅኑዕ ምቕባል ኩዕሶ (ፓስ) ብምግባር፡ ልዕሊ ኩሎም ተጻወትቲ እዚ ሊግ ይሰርዕ። ኦደጋርድ የለን ማለት ከኣ እቲ ዝበልሐ ተጻዋታይ ናብዛ ጋንታ የለን ማለት እዩ። እዚ ኖርወጃዊ ዛጊት ካብ ምጅማር ዝሓለፈ ዓመት እቲ ዝበዝሐ ዕድላት ዝፈጠረ ተጻዋታይ ኣርሰናል እዩ። ኣብዚ መስመር፡ ምስ ፓርተይ - ጆርጂኖ ክሳፈን ትጸበ ይግበረለ።

ኣርሰናል፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ክልተ ኣብ ሜዳ ቶተንሃም ዝተኻየዳ ግጥማት ተዓዊታትለን እያ። ሎሚ እንተተዓዊታ ከኣ፡ ድሕሪ 1987 እታ ዝወሓደ ካብ ሜዳኣ ወጻኢ ዓወት ከተመዝግብ እያ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ኣብ ካምፖ ቺቸሮ

ንግዳዊ ባንክ - ማይ ተመናይ 9:00 ቅ.ቀ

ዘራእትን ጥሪትን - ገዛ ባንዳ 11:00 ቅ.ቀ

ኣብ ስታድዩም ኣስመራ

ሰምበል - ቲራቮሎ 9:00 ቅ.ቀ

መረብ ሰኑት - ዕዳጋ ሓሙስ 11:00 ቅ.ቀ

**

**ፕሪመር ሊግ**

ቶተንሃም - ኣርሰናል 4:00 ድ.ቀ

ዎልቨስ - ኒውካስል 6:30 ድ.ቀ

**ላ'ሊጋ**

ጂሮና - ባርሴሎና 5:15 ድ.ቀ

ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ቫለንሽያ 10:00 ምሸት

**ሰሪኣ**

ጀኖኣ - ሮማ 1:30 ድ.ቀ

ካግሊያሪ - ናፖሊ 7:00 ምሸት

ሞንዛ - ኢንተር ሚላን 9:45 ምሸት

